## ዜና ሓምለ 23፡ 2007

## ኣብ ሊብያ ኣርባዕተ ኤርትራውያን ናይ ኣካል ማህሰይቲ በጺሕዎም

ካብ ቤት ማእሰርቲ ስደተኛታት መስረታ ብቴሌፎን ናብ ቤት ጽሕፈት ድምጺ መሰልና ደሊና ብዝመጸና ሓበሬታ፡ ኣርባዕተ ሓደስቲ ስደተኛታት ናይ ኣካል ማህሰይቲ ከምዝወረዶም ተፈሊጡ። እቲ ዝረኽብናዮ ሓበሬታ ከምዘብርሆ እቲ ሓደ በቲ ፖሊስ ዝበጽሖ ማህረምቲ ክልተ በራቂቱ ከምዝተሰብረን ድሕሪ ብዙሕ ክርክር ናይ ሕክምና ረዲኤት ተጌርሉ ጆሶ ተለጢፍሉ ብሓገዝ ክንክንን እቶም ኤርትራውያን ስደተኛታት ይንቀሳቀስ ከምዘሎ ተፈሊጡ። እቶም ሰለስተ ናይ ኢድ መሰበርትን መንቃዕትን ከምዘጋጠሞምን ሓደ ካብኦም ብኸቢድ ይሳቀ ከምዘሎ እቲ ዝረከብናዮ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መዓልታት ጥራይ ኣርብዓን ሸሞንተን ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ከምዝኣተው ተፈሊጡ። ኣብ መንጎ እዞም ስደተኛታት ሓንቲ ኣደ ምስ ክልተ ህጻናት ደቃ ከምዘላ ተፈሊጡ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ እቶም ስደተኛታት ኣብ ከቢድ ናይ ስነ-ኣእምሮ ጸገም ከምዝርከቡን፡ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጸም ዘሎ ሓበሬታታት ንዓዶም ክጥረዙ ምኻኖምን፡ ካልኦት ኣብ ካልእ ቤት ማእሰርቲ ዝነበሩ 120 ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ተጠሪዞም ዝብል ሓበሬታ ጭንቀት ፈጢርሎም ከምዘሎ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ከምዝፍለጥ፡ ኣብ መስረታ ዝተባህለ ማዓስከር፡ ልዕሊ 800 ዝኾኑ ስደተኛታት ንሓደጋ ጥርዝያ ተቓሊዖም ከምዝርከቡን፡ ብዙሓት ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ዘይኣተዉ ከምዘለዉን፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ናብ ኤውሮጳ ክሰግሩ ኣብ ዝህቅንሉ እዋን ግዳይ ሞት ከምዝኾኑ ይፍለጥ። ዋላ'ኳ ብዙሓት ሰብኣዊ መሰላት ትካላትን ኤርትራውያን በርጌሳዊያን ማሕበራትን፡ ፖለቲካውያን ሰልፍታትን ውልቀ-ሰባትን ንኩነታት እቶም ስደተኛታት ንክማሓየሽ ጻዕርታት እንተ ኣካየዱ ዛጊት ርኡይ ዝኾነ ለውጢ ከምጽእ ኣይተራእየን።